# ድጉል ረኽሲ ዓባይ-ሰዓል – ሕክምና ኣብ ዘይወሃበሉ ጊዜ

ሓበሬታ ንተሓከምቲ ካብ ናይ ሸወደን ሓኪም ምክልኻል-ለበዳ።

## እዚ ሓበሬታ'ዚ ስለምንታይ ተዋሂቡኒ?

ኣብ ሓደ ዝተገብረልካ ምርመራ፥ ድጉል ረኽሲ ዓባይ-ሰዓል ከም ዘሎካ ኣርእዩ ኣሎ።

ኣብዚ ብዛዕባ እንታይ ከተስተውዕል ከም ዘሎካ ክትፈልጥ ኢኻ።

## ረኽሲ ድጉል ዓባይ-ሰዓል እንታይ እዩ?

ረኽሲ ድጉል ዓባይ-ሰዓል ማለት፥ ብናይ ዓባይ-ሰዓል ባክቴሪያ ተለኺፍካ ኣሎኻ ማለት'ዩ። ኹይኑ ግን ብእኡ ኣይሓመምካን ዘሎኻ። ሓደ ሰብ ብናይ ዓባይ-ሰዓል ባክቴሪያ ምስ ተለኽፈ፥ እቲ ናይ ኣካላት መከላኸሊ ዓቕሚ ግብረ-መልሲ ስለ ዚህብ፥ ብምርመራ ናይ ደም ወይ ብምርመራ ናይ ቆርበት ኪዕቀን ይኽእል እዩ። መብዛሕትኦም ዝተለኽፉ ሰባት ጥዑያት ኰይኖም ዚቕጽሉ እዮም፥ ይኹንእምበር፡ ኣብቲ መጻኢ ህይወትካ ብናይ ዓባይ-ሰዓል ሕማም ንኽትጥቃዕ ንእሽቶ ሓደጋ ኣሎ እዩ።

## ረኽሲ ድጉል ዓባይ-ሰዓል ይላገብ ድዩ ?

ኣይፋል፡ ረኽሲ ድጉል ዓባይ-ሰዓል ኣይለግብን እዩ። ዓባይ-ሰዓል ከላግብ ዚኽእል፡ እቲ ሰብ ምስ ዚሓምምን እቲ ናይ ዓባይ-ሰዓል ሕማሙ ድማ ኣብ ሳምቡኡ ምስ ዚሰፍር ጥራይ እዩ።

## ንድጉል ዓባይ-ሰዓል ዚኸውን ሕክምና ኣሎ ድዩ?

ነቶም ብሕማም ዓባይ-ሰዓል ኪተሓዙ ዝለዓለ ሓደጋ ኣሎዎም ዝተባህሉ ሰባት፥ ናይ ሕማም ቅድመ መከላኸሊ ሕክምና ይግበረሎም እዩ። እዚኦም ድማ ንኣብነት፡ ቆልዑን - እቶም ኣካላዊ ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ዝጐደለን ሰባት እዮም።

ናትካ ሓኪም፡ ንግዚኡ ሕክምና **ኣየድልየካን** እዩ ዝብል ገምጋም ገይሩ ኣሎ።

## ኣነ ክሓስበሉ ዘሎኒ ነገር እንታይ እዩ?

እንተደኣ ኣብ መጻኢ ጊዜ፡ ንነውሕ ዝበለ ጊዜ (ካብ ሰለስተ ሰሙን ንላዕሊ ) ሸግር ናይ ምስዓል፥ ረስኒ፡ ናይ ጊዜ ለይቲ ረሃጽ ወይ ውን ብዘይ ድሌትካ ሚዛንካ ምስ ዚጐድል፥ ምስ ሓኪም ርክብ ግበር። ድጉል ረኽሲ ዓባይ-ሰዓል ከም ዘለካ ንሓኪም ንገሮ።

ነፍሰ-ጾር እንተኼንኪ ወይ ብኢንሱሊን ዚሕከም ሕማም-ሽኮር ምስ ዚህልወካ፥ ከቢድ ናይ ኩሊት-ሕማም ምስ ዚህልወካ፥ ናይ ካንሰር ሕክምና ትገብር ምስ ትህሉ ወይ ውን ብኻልእ ምኽንያት ኣካላዊ ናይ ምክልኻል ዓቕምኻ ምስ ዚጐድል፥ ረኽሲ ድጉል ዓባይ-ሰዓል ከም ዘሎካ/ኪ ንሓኪምካ ንገሮ። ሽዑ ፡ ብናይ ዓባይ-ሰዓል ሕማም ንኸይትጥቃዕ፥ ቅድመ መከላኸሊ ሕክምና ምውሳድ ከድልየካ ይኽእል እዩ።

## ናይ ርክብ ሓበሬታ (Kontaktuppgifter)

ስም ቤት ሕክምና (Mottagning)…...........................................................

………………………………………………………………….……………

ቴሌፎን (Telefon)……………………………………………………………..……